**<u>ፈስቲቫልና ኣብ ደቕና ከሕድሮ ዝኽእል ፍቕሪ።</u>**

እዚ ዓመት መጸት ኣብ መላእ ዓለም እንርከብ ኤርትራውያን ኣብ ዘዘለናዮ ንጽንብሎ በዓል ፈስቲቫል መርኣያ ሃገራዊ ፍቕርናንን ሓድነት ህዝብናን ዘጉልሕ ብትሕዝቱኡን ዕቤቱን መወዳድርቲ ዘይብሉ ሕጂ'ውን እንሆ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ነሓሰ ኣብ ምዕራባዊ ዞባ ይበዓል ኣሎ። ኣብ ካልኣይ ሰሙን ድማ ኣብ ምብራቓዊ ዞባ ክበዓል ተዳልዩ ኣሎ። እዚ ኣብ ሕብረተሰብና ጥምረት ዘሕደረ፡ ኣብ ተዓዘብቲ ኣድናቖት ዘትረፈን ዘትርፍ ዘሎ ባዓልና ንመጻኢ ወሎዶ ዝገድፎ ኣዎንታዊ ኣሰር ምናልባት ንግዚኡ ንገለ ሰባት ጎሊሁ ክረኣዮም ኣይክእልን ይኸውን። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣዮም ናይ ድሑር ኣተሓሳስባ ጉዙኣት ብምኧን ነብሶምን ስድራ ቤቶምን ክሳተፉ ዘይርኣዩ። ብፍላይ ከኣ ነቶም ብመንነቶምን ባህሎምን ልምዶምን ኮሪዖም ክምልመሉ ዝግብኦም ደቅታውትና ኣሰር ኣብ ክንዲ ምትሓዞም፡ ጉጉይ መንገዲ ብምኽታል ፈስቲቫል ዘበርከቶ ጸጋ ንከይካፈሉ ዝግትኡ።

ብዘይምስትውዓልን ብተጻይነትን ዝውሰድ ስጉምቲ ኩሉ ግዜ ንሃንዳሲኡ እዩ ዝጎድእ። ቀጺሉ ከኣ ንስድራ ቤቱ። ኣባይና ካብ ህዝቡን ባህሉን ይፈለ። ምፍላይ ዘምጽኦ ረብሓ እንተሎ ምንጻል ጥራሕ እዩ። ዓበይቲ መኽርቲ ጽቡቕ ክንከውን ይግባኣና። ንፈስቲቫላትና ዕዉት ንኸይከውን ዝጽዕሩ ጠፈእካ ኣጥፍእ እምነት ዘለዎም ድሑራት በተሓሳስባን ብሕልናን ኣይተሳእኑን። ውጺኢቶም ግን ካብ ረሳሕ ታሪኽ ምግዳፍ ካልእ ክኸውን ስለ ዘይክእል እቲ ፈስቲቫል ዓመት ዓመት ብመንእሰያት ኣሰናድኦ እናትተከኤን እናማዕረገን ይቕጽል ኣሎ። እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ብቅድመ ግምባር ተንቀሳቒሶም ብኹሉ መዳያቱ ዘካይዱዎ ዘለዉ መንእሰያት እዮም። ዋላኧ ጉቡኦም እንተኾነ፡ ነቲ ዝፍተን ተጻብኦታት ብተግባር እናምከኑ ዕዉት ስራሓት የሰላስሉ ስለ ዘለዉ ልባዊ ምስጋና ይግብኦም።

ባህልኻ ምዕቃብ፡ ልምድታትካ፡ ምኽባር፡ መንነትካ ምሕላው ጥራሕ'ዩ ሰብ ዘብለካ። እንኳን'ዶ ወዲ ኣዳምስ እንስሳታት እኳ ልምዶም ተኸቲሎም ይጎዓዙ ኣለዉ። ኣየናይ እንስሳ እዩ ካብ ንዕኡ ዝመስሉ ተፈልዩ ምስ ዘይመስሉዎ ዝጎዓዝ? ፈስቲቫል ኤርትራ ኢሉ ዝጽወዓሉ ምኽንያት ንኹልና ኤርትራውያን ከርብሕን ከሔብንን ስለ ዝኽእልን ዝኸኣለን ኢና ነብዕሎ። ፈስቲቫልና ምስ ታሪኽ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልስና ዝተኣሳሰረ፡ ምስ ፖሎቲካዊ መደባትና ዝተሳነየ፡ ምስ ጉዕዞ ልምዓትናን ምክልኻል ልእላውነትና ዝተወሳሰበን ስለ ዝኾነ ዝኣመነ ይኹን ዝኽሃደ ካብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ክንጽሎ ዝኽእል ኣካል የሎን። በዚ ኣጋጣሚ ንኹሉ ኤርትራዊ ኣብ ዘዘለወሉ ሃገር ዝበዓል ፈስቲቫላትናን ካልኦት ባዓላትናን ታሪኽና ምኧኖም ንዘዘንግዑ ኣብ ልቦም ተመሊሶም ታሳተፍትን ምስቶም ታሪኽ ዝሰርሑ ዘለዉ ተቐበልቲ ሕድሪ ታሪኻዊ እጃሞም ከበርክቱ እላቦ። ባህልኻን ታሪኽካን ምዕቃብ ናይ ፖሎቲካ ምርጫ ኣይኮነን። ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ፖሎቲካዊ መርገጹ ብዘየገድስ ክዕቅቦ ዘለዎ ግደታ እዩ። ተሓሰምቲ ረብሓና ክንከውን ኣይግባእን።

ሩሑስ ፈስቲቫል ይግበረልና።
ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።
ነሃሰ 4, 2016.